The America Team for Displaced Eritreans

Hope ተስፋ · Education ትምህርቲ · Opportunity ዕድል · Dignity ክብረት

www.EritreanRefugees.org

# ኣውያት መንእሰያት ኤርትራ ካብ ጋህስታት በረኻ ሲናይ።

## ካልኣይ ክፋል

### ብጋንታ ኣመሪካ ንዝተማዛበሉ ኤርትራውያን

ኣብ ቀዳማይ ክፋል ጽሑፍና ገለ ውሑድ ተረክቦታት መንእሰያት ኤርትራ ኣብ ምድረ ግብጺ ጠቒስና ኔርና። እቲ ጉዳይ ብሰፊሑ ኣቓልቦ ንኽረክብ ብማለት ከኣ ከም ኣገዳሲን ጭቡጥን ሓበሬታ መጠን ጽሚቕ ትሕዝቶኡ ብቛንቋ እንግሊዝ ተተርጕሙ ንገለ ካብቶም ብጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ዝግደሱ ፈተውቲ ከምዝበጽሖ ተጌሩ። ሎሚ ድማ መቐጸልታ ናይቲ ዛንታ ነስዕብ።

እቶም ንሲናይ ኣቋሪጾም ናብ ሃገረ እስራኤል ንምእታው ዘይከኣሉ ኤርትራውያን ዕጭኦም ሓደው በቶም በደዊን ከግረፉ ወይከኣ ብሓይልታት ጸጥታ ምስሪ ተታሒዞም ናብ ቤትማእሰርቲ ክዳጎኑ እዩ።እዛ ሓባሪትና ነዚ ብዝምልከት ኣብ ዝሃበቶ ቃል ከምዚ ትብል፡-

- ኣንቱም ኣሕዋተይ ነተን ካብ ሲናይ ዝተመልሳ ምሳይ ዝተራኸባ ኣሓት እንተትርእዩወን ደም ምነባዕኩም።እቲ ኣብ እግረን ዘሎ ምልክት ናይ ሰንሰለት እንተትርእዩዎ ዝስካሕክሕ እዩ። ኣገባብ ኣተኣሳስራ ኤርትራውያን ምስትምልከቱ ደቂ ኣንስትዮ በብኣርባዕተ ከም ዝገነነ ገመል ብሓደ ሰንሰለት ተኣሲረን ስለዝነበራ ናብ ሽቓቕ ክኸዳ ብሓንሳብ፡ ክሕጸባ እንተደለያ ከኣ ብሓንሳብ እምበር በበይነን ክኸዳ ኣይፍቀደለንን ኔሩ። ንደቂ ተባዕትዮ ከኣ ጥንቅልዒት በጥ ኣቢሎም ብነዊሕ ዝተታሓሓዘ ሰንሰለት ይኣስሩዎም። እዚ ማእሰርቲ ከይኣክል መሊሶም ነብስወከፍ እሱር ድልየቱ ንኽግበረሉ ዃልኣንስተይቲ $9,000.00 ወዲተባዕታይ ከኣ $10,000.00 ክኸፍሉ ከምዝግባእ እቶም ደለልቲ ይነግሩዎም።እቶም ገንዘብ ዝነበሮም ከፊሎሞ እቲ ዓብደላ ዝበሃል ደላላይ ገንዘቡ ምስተቐበለ ናብ ዝደለዩዎ ዘሳግሮም ተመሲሉ ነቶም ኤርትራውያን ናብቶም ኣብ ዶብ እስራኤል ዝነበሩ ወትሃደራት ግብጺ ኣረከቦም። በታ ኣጋጣሚ 2 ካብተን ደቂ ኣንስትዮ ሃዲመን ክወጻ እንከለዋ ሓንቲ ካብተን መታኣስርተን ዝነበረት ግና ገንዘብ ስኢና ኣብቲ ፈለማ ዝነበርኦ ቤት ማእሰርቲ ተሪፉ ኔራ።ሽዑ ናብ ወለዳ ደዊላ ኣብ ርእስቲ መጀመርታ ዝሃብናዮም $3,000.00 ካልእ ተወሳኺ $6,000.00 ኣምፅኣ ተባሂልና ካልኦት ኩለን ከፊለን ኣነ ግና ገንዘብ ስኢነ ይመውት ኣሎኹ ክትብል ሓበረቶም።ገንዘብ ኣምጽኡ ንምባል እንተድኣ ኮይኑ እቶም ደላሎ ስልኪ ይፈቕዱልካ እዮም። ብድሕርዚ ስድርኣ ነገር ወላዲ ኮይኑዎም ዝነበሮም መሬት ሸይጦም ነቲ ገንዘብ ሰደዱላ። እዚ ክሳዕ ዝግበር 5 ወርሒ ወሰደ። መወዳእትኡ ግና ወለዲ ድኣ መሬቶም ስኣኑምበር ንዓኣውን ኣይሰለጣን። ንሳ ይኹን እቶም ካልኦት ኣሽሓት ዝኸፈሉ መንእሰያት ኩሎም ዕጭኦም ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ግብጺ ማሲንካ ምትራፍ ኮነ።

- እተን ካብ ዶብ ሲናይ ዝሃደማ ደቂ ኣንስትዮ እውን ካብቲ ቅድም ዝነበራሉ ቦታኳ እንተርሓቓ ዘይረን ናብ ዳግማይ ማእሰርቲ እየን ኣትየን።ብሰንሰለት ካብ ምእሳር ምድሓነን እንተዘይኮይኑ ብድሕሪኡውን ኣብ ሓደ ኣብ ውሽጡ ምስኣተኻ ንደገ ክኽፈት ዘይክእል መስኮት ዘይብሉ ጸቢብ ገዛ እየን ተዳጒነን። እቲ ዝተዳጎናሉ ገዛ ጸቢብ መዘርግሒ እግሪ ዘይብሉ ዘየገላብጥ ኣብ ርእሲ ምኻኑ ሽቓቑውን ኣብ ውሽጡ ስለዝኾነ ብሰንኪ ጨና ናይቲ ሽቓቕ ሓንቲ ካብኣተን ብብርቱዕ ሕማም ኣዝማ ተሳቐየት።

ሓድሓድ ግዜ ብሰንኪ ኣዝማ ንሞት ትቃረብሞ እተን ምስኣ ዘለዎ ኣሓት ማዕጾ ክኽፈተለን እንተኳሕኳሓ እዚ ዘይብሃል መግረፍቲ ይወርደን። ብድሕርዚ ስቓይ ምስበዝሐን ንኣርባዕተ መዓልቲ መግቢ ናይ ምሕሳም ሾብሮ ይገብራ። ሕጂውን ዝገደደ መግረፍቲ ይኽተለን። ሽዑ ጥሜትን መግረፍትን ተደማሚሩ ሓይለን እናደኸመ ምስከደ ኣሰርተን በቲ ኩነታት ተሰናቢዶም ንሓንቲ ካቶሊካዊት ድንግል ጸዊዖም ከምተዘራርበን ይገብሩ።እታ ድንግል ናብ ወለደን ስልኪ ከተደውለን ይፈቕዱላ።ድሕሪ ክንደይ ሓፍዞቕ ምስ ወለደን ንምዝርራብ ዕድል ይረኽባ።ካብኡ ንደሓር ቁሩብ ስለዝተረጋግኣ መግቢ ክበልዓ ይጅምራ። ኣብ ከምዚ ዝኣምሰለ ገሃነም ዝኾነ ኣተኣሳስራ ልዕሊ 7 ወርሒ ዝገበሩ ካልኦት ኤርትራውያን ከምዘለዉ እያ እዛ ተዘንቱ ዘላ ሰብ እትሕብር። ቀጺላውን ኣብ ከባቢ ሲናይ ግብጻውያን በዚ ዓለም ዘይፈለጦ ኣገባብ ሽፍትነት ተጠቒሞም ሰባት ንምስጋር ኢሎም ዘቖሙወን 24 መኣከቢ ስደተኛታት ተባሂለን ዝተዳለዋ ቦታታት ምህላወን ብምሕባር ኣብቲ ከምኡ ዓይነት ኣጺያፊ ስራሕ ዝተዋፈሩ ኤርትራውያን እውን ከምዘለዉ ትገልጽ።

- ምብዛሕ መተኣኻኸቢ ቦታታት ግና መሪጽካ ንኽትኣቱ ዘይኮነስ ዝመጽኤ ዝኾነ ንምዝናብ ተባሂሉ ዝተዳለወ ስለዝኾነ ካብ ሕድሕድ ዝሓይሽ ትሕዝቶ የብሉን። እቶም ብስቓይ ኤርትራውያን ሃብቲ ዝድልቡ ዘለዉ ምስራውያን ንኤርትራዊ ኣዚዩ ትሑት ኣጠማምታ እዩ ዘለዎም። እንተደለዩ ይቐትሉዎ። እንተደለዩ ይገርፉዎ። ሓድሓደ ግዜ ፊን ከብሎም ከሎ ድማ ነቲ ኣብ ሓደ ቦታ ዝኣከቡዎ ምስኪን ስደተኛ ሽንቲ ማይ ይኽዕዉሉ። እዚ ኹሉ እከይ ተግባራት እዚ ብዙሕ ግዜ ዝዝውተር ንብዙሓት ኤርትራውያን ቅሳነት ዝኸልኤ ፍጻሜታት ኮይኑ ድሕሪ ምጽናሕ ሓደ መዓልቲ ናብ ዘይተሓስበ ኩነት የምርሕ። ኤርትራውያን ብዙሕ ይማረሩ። ከምዚ ኢልና ክሳዕ መዓስ ኢሎምውን ዓቕሎም የጽብቡ። እዋኑ ጾም ኣብ ዝነበረሉ ወርሒ ረመዳን እዩ። ብዓል ዓብደላ ጾም ኮይኑዎም ቀትሪ ድቕስ ይውዕሉሞ ለይቲ ከኣ ኣብ ምቕጥቃጥ ኤርትራውያን ግዝይኦም የሕልፉ። ሓደ መዓልቲ ዓብደላን ብጾቱን ከምኣመሎም ለይቲ ንኹሎም እሱራት ክቕጥቅጡዎም ሓደሩ። ኤርትራዊ መዘናግዒኦም ኮይኑ ድዩ ወይስ ንጾሞም ዝሕግዝ ኮይኑ እዩ ተራእዩዎም ኣይተፈልጠን።እቲ ረኻብ ኣደራዕ ህዝቢ ግና ከምሕሱም ተገርፈ። መሬት ምስወግሐ ብዓል ዓብደላ ነቶም ዝቐጥቀጡዎም እሱራቶም ሓደ ሓላዊ ገዲፎምሎም ክድቅሱ ከዱ። ሕሱም ጸቕጢ ብርቱዕ ናዕቢ ስለዘኸትል በቲ ዘስገድግድ ኣተሓሕዛ ዝተማረሩ ኤርትራውያን ዘይተሓስበ ስጉምቲ ይወስዱ።

ዕለት 15 ነሓሰ 2010 ንግሆ ሰዓት 10፡00 ኣቢሉ ይኸውን ወዮም ዝመረሮም ኤርትራውያን ነቲ ዝነበረ ዋርድያ ኣፉ ዓቢሶም ይኣስሩዎሞ 2 ብረትን ሓደ ሳንጣ ጥይትን መሊኦም ኣብ ኢዶም የእትዉ።ቀጺሎም ኣብኡ ብዝረኸቡዎ መጋዝ ጌሮም ነቲ ዝነበረ ሓጺን ብምቝራፅ ኣቕዲሞም ነተን ኣብኡ ዝነበራ 12 ኣዋልድ ተበገሳ ቀቅድሜና ሕለፋ በሉወን።ቀጺሎም ድማ ን48 ኣወዳት ኣበጊሶም ኩሎም ብሓባር ጉያ ዝተሓወሶ ጉዕዞ ጀመሩ። እንተኾነ ግና ገሊኦም ንነዊሕ ግዜ ኮፍ ምባሎምን ብሰንኪ ጉድለት መግብን ገለ ካብኦም ከኣ ሳእኒ ዘይነበሮም ስለዝነበሩ በቲ ዝድለ ፍጥነት ኣይተጓዕዙን። ንሳቶም ጌና ኣብቲ ዶብ ከይበጽሑ እንከለዉ ነገር ኣጋጣሚ ኮይኑ ሓደ ዘይኤርትራዊ ውልቀሰብ ክሕውል ኢሉ ናብቲ ተኣሲሮሙሉ ዝነበሩ ቦታ ይመጽእ። ነቲ ተኣሲሩ ዝጸንሖ ዋርድያ ድማ ነቲ ኩነታት ከይተረድኤ ይፈትሖሞ ወዮ ዋርድያ ስልኪ ደዊሉ ዘጋጠሞ ጸገም ምስገለጸ ብሬን ዝጸዓና 4 መካይን ነቶም ዝሃደሙ ክመልሳ ተበገሳ። ዕጡቓት ግብጺ ተኸታቲሎም ንወዮም ዝሃደሙ ኤርትራውያን ኣርከቡዎም። ቶኽሲ ተኸፍተ።ኣቐዲሞም ነቲ ብረት ሒዙ ዝነበረ ኤርትራዊ ቀተሉ፡ ሓደ ጥቕኡ ዝነበረ ካልእ ኤርትራዊውን ብስምባደ ናብኡ ተጸግዐሞ ኣብኡ እንከሎ ንዕኡውን ኣዳገሙዎ። ሓደ ብኻልእ ሸነኽ ዝጸንሐ ኤርትራዊ ግና ነታ ብረት ኣልዒሉ እናተታኾሰ ናብቲ ናይ ዶብ ቼርኮላታ በጺሑ ዘሊሉ ሰገረ። ኣብታ ህሞት እቲኣ ካልኦት ንኽሰግሩ ቅሩብ ተሪፉቶም ዝነበሩ 8 ኤርትራውያን ቦታ ነጺሮም ስኣን ምፍላጥ ኣንፈቶም ስለዝሓቱ እናተደናገሩ እንከለዉ ብግብጻውያን ተታሕዙ። ኣብታ ዕለትቲኣ 17 ኤርትራውያን ሂወቶም ሓለፈ። 3 ዝተወግኡ ክኾኑ እንከለዉ 24 ተታሒዞም ናብ 5 ዝተፈላለየ ኣብያተ ማእሰርቲ ፋሕ ፋሕ ኣበሉዎም። እቲ ስቓይን መከራን ድሕሪኡ ብዝኸፍኤ ደረጃ ቀጸለ። ግብጻውያን ነቶም ዝሓዙዎም መታን ከርዕዱ ንሬሳ ኣሕዋቶም ብእግሮም ጠልጠል እናበሉ ኣብ ቅድሚኦም ብጥይት የዳግሙዎም።

ነቶም ኣወዳት ኣብ ሓደ መስቀል ዝመስል ቅርጺ ዘለዎ መንጠልጠሊ ቁልቁል ኣፎም ሰቒሎም ብርቱዕ መግረፍቲ ኣውረዱሎም። ኣብ ልዕሊተን ደቂ ኣንስትዮ ከኣ ከተዕልሎ ዘጸይፈካ ዘይስነምግባራዊ ተግባራት ፈጸሙ።

ኣብዚ ኩሉ ሕማቕ ተሞክሮታት እዚ እቲ ኣዚዩ ዘሕዝን ኣብ ከባቢ ካርቱምን ሸገረብን ኮይኖም ኣብ መሸጣ ኣሕዋቶም ዝተዋፈሩ ኤርትራውያን ዝፍጽሙዎ ተግባራት እዩ። ጌና ንእስራኤል ክንሰደኩም እናበሉ ናብዚ ኩሉ ሓደጋ ዘጋልጹዎ ንሳቶም እዞም ደለልቲ ኤርትራውያን እዮም። እዚ ንምግባር ንነብስወከፍ ኤርትራዊ 2 ሚልዮን ሱዳን ዳርጋ $1300.00 ዶላር እናኸፈሉ ደም ኣሕዋቶም ይሰትዩ ስጋ ኣሕዋቶም ይበልዑ ኣለዉ። ይቕጽል።

ጋንታ ኣመሪካ ንዘተማዝበሉ ኤርትራውያን

www.EritreanRefugees.org